መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# የሱስ ዝገበሮ ተኣምራታት



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

የሱስ ብዙሕ ተኣምራት ገይሩ እዩ። ታምራት የሱስ እቲ ናይ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምልክት እዩ፡፡እታ ናይ መጀመርታ ትኣምራት ናይ የሱስ ኣብ ናይ መርዓ በዓል እያ ነይራ። ኣብቲ መርዓ ሓደ ዓቢ ጸገም ተፈጢሩ።ንሱ ድማ እኩል ወይኒ ኣይነበረን።



ማርያም፡ ኣዲኡ ንጎይታ የሱስ እያ፡ ነቲ ጸገም ነጊራቶ። ብድሕሪኡ ክላ ነቶም ኣገልገልቲ "ንሱ ዝበለኩም ግበሩ" በለቶም፡፡



የሱስ ድማ "ነቲ ዓታሩ ማይ ምልእዎ" በሎም።
"ማይ!?" ተገሪሞም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እወ!
የሱስ ማይ ክመልእዎ እዩ ሓቲትዎም።



ድሕሪዚ የሱስ ነቶም
ኣገልገልቲ ካብቲ ዕትሮ
ቀድሖም ንኣቦ ዳስ ክጥዕሞ
ክወስድሉ ነገሮም፡፡ እቲ
ማይ ናብ ወይኒ ተቀይሩ!
ጥዑም ወይኒ!
ዝሓሸ ወይኒ!



እቶም ኣገልገልቲ ተገርሙ።
የሱስ ንማይ ናብ ወይኒ ቀየሮ፡፡
ኣምላኽ ጥራይ እዩ ከምዚ
ዓይነት ትኣምራት ዝገብር።



የሱስ ካልእ ተኣምራት ከኣ
ገበረ። ሓደ ምሸት ፡ ንሱን
ደቀ መዛሙርቱን ናብ
እንዳ ጴጥሮስ ገዛ ከዱ።
ሓማት ጴጥሮስ ድማ ረስኒ
ጌራ ሓሚማ ነበረት።



የሱስ ኢድ ናይታ ዝሓመመት ሰበይቲ ሓዘ። ኣብዛ ስዓት ረስና ሓደጋ፡ ተንሲኣ ድማ ንየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ኣገልገለቶም።



በቲ ምሸት፡ ዳርጋ ኩሉ
እቲ ከተማ ናብቲ ገዛ
መጸ፡፡ ዝሓመመ ድማ
-ዕዉራት፡ ጸማማት፡
ዓባሳትን ስንኩላንን፡
መጹ። ኣጋንንቲ
ከይተረፉ ብዙሓት
ይወጹ ነበሩ፡፡ የሱስ
ንብዝሓት
ሓጊዝዎም'ዶ!?



የሱስ፡ ወዲ ኣምላኽ ፡ክረድእ ይክእል እዩ። የሱስ ንብዙሓት ሓጊዙ እዩ። ኩሎም ናብኡ ዝመጹ ይፍወሱ ነበሩ። ብብዙሕ ዝሓመሙ ድማ ይከዱን ይጎዩ ነበሩ።





ካልኦት ውን መጹ፡
ብሕማም ኩሉ
መልክዖም
ዝተባላሸወ።



የሱስ ምስፈወሶም
ድማ ኩላቶም
ነጽሑን
ተፈወሱን።

ብኣጋንንቲ ዝተሸገሩ
ሰብኣይን ሰበይትን
ድማ ናብ የሱስ
መጹ። ንሱ ነቶም
ኣጋንትቲ ክወጹ
ኣዘዞም፡፡ እቶም
ኣጋንንቲ ፈሪሖም
ተኣዚዞም ምስ ወጹ
ክኣ ኩሎም ሓዚኖም
ዝነበሩ ሰባት
ሕጉሳት ኮኑ።



ብድሕሪዚ ኲሉ ህዝቢ፡ ኣርብዕተ ሰብኡት የሱስ ንዓርኮም ክፍውሰሎም ደለዩ። ካብ ብዝሒ ሰብ ድማ ንየሱስ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን! እንታይ ተገበሩ ይሓይሽ!?





እቶም እሙናት ኣዕሩኽ ነቲ
ዝሓመመ ዓርኮም ተሰኪሞም ናብ
ልዕሊ እቲ የሱስ ዝነበሮ ቤት ወጹ።
ንእቲ ቦሎፎን ኣንኲሎም ድማ ነቲ
ዓርኮም ኣብ ቅድሚ
የሱስ ገበርዎም።

የሱስ ናይቶም
ኣርባዕተ ኣዕሩኽ
እምነት ርእዩ፡ ነቲ
ዝሓመመ ሰብኣይ፡
"ሓጢኣትካ
ተሓዲጉልካ'ዩ።
ዓራትካ ኣልዕልካ
ኪድ" በሎ። የሱስ
ነቲ ሰብኣይ ፈወሶ።



ድሕሪዚ፡ የሱስ ኣብ ጃልባ
ምስ ደቀ መዛሙርቱ ከሎ፡
ዘፍርሕ ማዕበል ነቲ ባሕሪ
ክርብሾ ጀመረ። የሱስ ድማ
ደቂሱ ነበረ። ደቀ መዛሙርቲ
ከኣ ስለ ዝፈርሑ ካብ ድቃሱ
ኣተስእዎ። "ጐይታ ኣድሕነና"
ካብ ፍርሃት ዝተልዕለ
ጨርሑ።



"ጸጥ በል!" የሱስ ነቲ ማዕበል ገንሖ። ሽው ንሽው እቲ ምዕበል ሃድአ፡፡
"ከመይ ዝበለ ሰብኣይ እዩ እዚ፡ ባሕርን ንፋስን ዝእዘዝሉ!" ደቀ መዛሙርቱ
ተገረሙ። ንሳቶም እቲ ዝኾነ ተኣምራት ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ክብሩ
ኣርኣዮም። ድቀ መዛሙርቱ፡ የሱስ ካብኡ ንላዕሊ
ገይሩ ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰብ ንኣምላኽ
ከምዘገልግሎ ኣይፈለጡን ነበሩ።



# የሱስ ዝገበሮ ተኣምራታት

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 8-9፡ ማርቆስ 1-2፡ ማርቆስ 4፡ ሉቃስ 4፡
ሉቃስ 8፡ ወንጌል ዮውሃንስ 2

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፥130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3:16